# ቀዳሞት ግጥማት ሓርነታዊ ቃልሲ
# መስዋእቲ ሓምድ ኣድሪስ ዓዋተ
# 28 ግንቦት 1962

(7)



<u>መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ</u>

ድሕሪ'ቲ ብ20 ግንቦት 1962 ዝተኻየደ ውግእ ኣሜሊ፡ ሰሙን ጸኒሑ፡ ሰንበት መዓልቲ፡ መሬት መስዩ ዓይኒ ምስ ሓዘ ሓምድ ምስ ሻድሻይ ርእሱ ኣብ ተሸኪል ደቂሶም ነበሩ። ሓምድ ኣብ ጥቓ ክቡብ፡ ካልኦት ፋሕ ኢሎም። ለይቲ ኣብ እዋን ከውታ ሓምድ ተበራቢሩ ንክቡብ፡ "ብረተይ ኣብ ጥቓኻ ግበሮ" ኢሉ ምስ ዕጥቁ ድፍእ ኣበለሉ። ክቡብ ሓጃጅ ንሓምድ "ስለምንታይ?" ኢሉ ሓተቶ። ሓምድ፡ "ተጸሊኡኒ ኣሎ!" ካብ ምባል ሓሊፉ ካልእ ኣይተዛረበን። ነጻላኡ ተጎልቢቡ በጥ በለ። ብድሕሪኡ ቃል ኣየውጽአን። ክቡብ'ውን ደጊሙ ኣይሓተቶን። ደቂሶም ሓደሩ። ኩሉ ግዜ፡ ወጋሕታ ንሓምድ ቀዲሙ ዝበራብር ኣይነበረን። ሰኑይ ንግሆ ግን፡ ኩሎም ቀዲሞሞ። ሰጊዶም'ውን። ናይ ስጋ ኮይናቶ "ደሓንዶ ኣይኮነን'ዩ" ኢሉ ቀዲሙ ንሓምድ ከተንስኦ ዝኸደ ዓዋተ መሓመድ ፋይድ ነበረ። 'ሓምድ! ሓምድ!' ኢሉ ብስሙ እናጸውዐ ነቕነቖ። ክቡብ "ያሸኽ ከዕርፍ ዘይትሓድጎ! ተጸሊእዎ ኣሎ ይደቅስ ግደፎ፡" ኢሉ ካብኡ ከምዝርሕቕ ገበሮ። ነዚ ዘስተብሃለ ኣሕመድ ጋድፍ ብግደኡ ናብ ሓምድ ከይዱ ነቕነቖ። ሽዑ'ውን ሓምድ ኣብ ጥዑም ድቃስ ከምዝነበረ ኣስተርሕዩ ምዕይ ኣይበለን። እቲ ምስኡ ዝሓደረ ክቡብ ባህርይኡ ርግእ ዝበለ እዩ። ህድእ ኢሉ ድማ፡ "ሓምድ ተንስእ'ባ ጸሓይ'ኮ በሪቓ'ያ" በሎ፡ ድቃስ ዝኸልኦ ዘሎ እናመሰሎ ብስክፍታ። መልሲ ግን ኣይነበረን። ክቡብ ተጠራጠረ። ተቐላጢፉ ንመትንታት ኢዱን ልቡን ዳህሰሶ። ሰውነቱ ውዑይ'ዩ ዝነበረ። ትርግታ ልቡ ግን ኣቋሪጹ፡ ዳርጋ ሽዓ'ያ ትንፋሱ ሓሊፉ። ተሰዊኡ፡ ሰኑይ 28 ግንቦት 1962።

ሓምድ ምስ ተሰውአ፡ ካብቶም ምስኡ ዝነበሩ ሓሙሽተ፡ ኣድም ክሻ (ሽንገርፎ) ምስ ኣሕመድ ጋድፍ ዋርድያ ብምውጻእ፡ ክቡብ ሓጃጅን ዓዋተ መሓመድ ፋይድን መቓብር ክኹዕቱ ጀመሩ። እድሪስ ዓሊ በኺት ናብ ድኳን ከይዱ መግነዚ ዓለባ ምስ ኣምጽአ ከኣ፡

ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ ቀቢሮሞ። ተጋዳላይ መሓመድ ዓወት ሽሪፍ ኣብ 2017፡ ምስ ጸሓፊ ታሪኽ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ሃይለስላሴ ወልዱ ኣብ ዝገበሮ ዕላል ብዛዕባ መቓብርን ኣስከሬንን ሓምድ ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ወሲኹ ኣሎ። ሓምድ ንኣድም ሸንገሮፍ ‘ኣነ ቅድሚኻ እንተሞይተ ብኢትዮጵያ ከይርከብ ጽቡቕ ጌርካ ስተረኒ’ ኢሉ ተላቢይዎ ነበረ። ቀቢሮም ምስ ወድኡ ድማ፡ ምኽኒት ፈጢሩ፡ ንብጾት ‘ሕለፉ ከርክበኩም’የ’ ኢሉዎም፡ ናብ ሃደምደሚ ኣላጊሱ ካብቲ ዓዲ ባዴላን መኹዓትን ወሲዱ። ካብታ ንሓምድ ዝቐበሩላ ብዳርባ እምኒ ዓቒኑ ኣብ መንጎ ክልተ ኣላዴን (ዝበ) ዳግማይ ሓድሽ መቓብር ኩዒቱ ንሬሳ ሓምድ ናብኡ ኣግዓዞ። ድሕሪ ነጻነት በዓል ክቡብ መቓብር ሓምድ ኣብቲ ዝቐበርዎ ምስ ሰኣንዎ ካብ ቀበርቲ ሓምድ ነቲ እንኮ ብህይወት ተሪፉ ዝነበረ ኣድም ክሻ (ሰንገሮፍ) ምድላይ ኮነ። ገዳይም ተጋደልቲ ኢብራሂም ሻኮን ሓሰን ኣምድን ንሸንገሮፍ ካብታ ዘለዎ ቦታ ንኽምጽእዎ ተላእኩ። ኣብ ጉዕዞኦም እናሓተቱ፡ ስንቂ ክውድኡ ከለዉ እናሸቀሉ፡ ብመኪናን ብእግርን ልዕሊ ወርሒ ኮለል ኢሎም ኣኸር ሱዳን ስናር - ተጋጥዕ ሓሊፎም ኣብ ዳርፉር ረኺቦሞ።

መልእኽቶም ምስ ገለጽሉ ኣየዕጠጠየን። ንስኻትኩም’ኳ ድኺምና ጸሚእና ከይበልኩም ነዊሕ ተጓዒዝኩም ዝመጻእኩም፡ ንዓይ ደኣ’ሞ ዝተዋህበኒ ሓደራን ለበዋን ፈጺመ፡ ጸረይ ምእንቲ ከራግፍ እንደኣልኩም ትጽውዑኒ ዘለኹም’ ኢሉ ኣጥርዩወን ንዝነበረ 60 ኣባጊዕ ብሓደ እዋን ብሓራጅ ሸይጡ ምስኣቶም ተበገሰ። ኣብ ሃደምደሚ ቦታ መቓብር ምስ በጽሐ፡ ፈለማ ቀደም ዱር ስለ ዝነበረ ግር ኢሉዎ። ዳሕራይ ግን ነተን ንሱ ጥራሕ ዝፈልጠን ምልክት ርኣየን። “ኣብ መንጎኣን እንተዘይተረኺበ፡ ኣነ እውን ተደናጊረ ኣለኹ” ድማ በለ። ኣብቲ ቦታ ምስ ኮዓቱ ኣስከሬን ሓምድ ኣብኡ ተረኺበ። መጀመርታ ናብ ባረንቱ ጸኒሑ፡ ናብ ሃይኮታ ተወሲዱ ዳግም ሓመድ ኣዳም ከምዝለብስ ተገብረ። ሓወልቲ እውን ተሰርሓሉ። ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ግንቦት ሓምድ ድሕሪ ምስውኡ፡ እቶም ወተሃደራት ሱዳን ነበር ካብ ከሰላ እድሪስ መሓመድ ኣድም ዘምጽኦ ሓድሽ ብረት ዓጢቖም ንሓምድን ብጾቱን ክረኽቡ ኣብ መንጎ ሩባ ጋሽን ባርካን ይንቀሳቐሱ ነበሩ። ኣብ ክፍላ ሰነ፡ ምስቶም ንሓምድ ዝቐበሩ ተራኸቡ። ግንድፍል ብረትን ካራን ሓምድ፡ ምስ ዓዋተ መሓመድ ፋይድ ምስ ረኣየ ጠርጢሩ ንእድሪስ ዓሊ በኺት ፈልዩ፡ ‘ኣይትሕብኣለይ’ ኢሉ ምስ ተማሕጸኖ፡ ሓምድ ከምዝተሰውአ ኣርድኦ። ዝርንዛሕ ነብዐ። ደሓር ግን ፌስካ ገይሩ ንኹሎም ኣኪቡ፡ “ካባና ንኤርትራ ኢሉ ዝወጸ፡ ኤርትራ ገና ኣላ። ንሓምድ ዓዋተ ኢሉ ዝወጸ እንተሎ ግን ሓምድ ተሰዊኡ’ዩ” ክብል ኣርድኦም። ኣብ መንጎኦም ፍርሕን ራዕድን ሰፈነ። ፋሕ ድማ በሉ። ግንድፍል ዳግማይ ፌስካ ነፊሑ ኣከቦም። “ሓምድ ኣበይ ኣሎ?” ንዝብል ሓታታይ “ብረት ከምጽእ ወጺኡ ከይዱ” ኢሎም ክምልሹ፡ ኣምሓሎም። መስዋእቲ ሓምድ ከኣ ንጸጥታ ኢትዮጵያ፡ ንህዝቢ ከምኡ’ውን ንተጋደልቲ ምስጢር ኮይኑ ንነዊሕ ተኸወለ። ግንድፍል ኣብ መጨረሽታ ድሕሪ ብዙሕ ሓዘንን ጓህን ንመሓመድ እድሪስ ሓጅ ክመርሖም ከምዝመረጹዎ የዘንቱ። መዓንጥኡ ሕጉብ፡ ጨሚቱ ዘይስሕት፡ ንዝተበገሰሉ ዕላማ ሓደ ግዜ ጥራይ ዘይኮነ ሽሕ ግዜ ንሞት ድሉው ጽኑዕ ሃገራውነት ዝውንን መራሒ ምኽሳር ከቢድ ነይሩ። ግንድፍል ንተራ ሓምድ “ሓምድ ክብ ዝበለ ክእለት ምሕደራ ዝነበሮ ሰብ’ዩ። ኣብ ዘይጠቅም ዘይዛረብ፡ ናይ ሓላፍነት ህርፋን ዘይነበሮ፡ ኹሉ ሓሳቡ ንረብሓ ሰውራ ጥራይ ስለ ዝነበረ ንመስዋእቱ ምስቲ ኣብ ቃልሲ ዝርአ ክሳራታት ምስ ሓደ’ኳ ከመጣጥኖ ኣይክእልን” ይብል። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ሓምድ ኣብ ዝተሰውአሉ ብዙሓት ሓደስቲ ተጋደልቲ ናብ ሰውራ ተጸንበሩ። ካብ ሰራዊት ሱዳን ነበርን ሰቪልን ከም ማሕሙድ ዲናይ፡ ሕሻል ዑስማን፡ ሳልሕ መሓመድ እድሪስ (ኣቡ ዓጃጅ) ድንጉስ ኣረይ፡ ማሕሙድ ማይበቶት፡ ዓብደላ ዲጎል፡ ዑስማን ሳልሕ ከምኡ’ውን መራሒ ተመሃሮካይሮ ነበር ስዒድ ሑሴንን ካልኦት ተወሰኽሞም መሳርያም ኣደላደሉ። ካብኡ ንደሓር ኒትዮጵያ ቅሳነት ዝኸልእ ነገራት ንምግባር ተዳለዉ።

እቲ ካልእ ዘይዕውት ፈተነታት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ኣብ መጀመርታ ሱሳታት፡ ገለ-ገለ ሃገራውያን፡ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብዙሕ ዘይተወደበ ናይ ኮን ዶኾን ስጉምቲታታ ይወስዱ ነበሩ። ውዳበታት ሓራካ ካብ ሱዳን ናብ ውሽጢ ኤርትራን ጎረባብቲ ሃገራትን ክዝርጋሕ ግዜ ኣይወሰደን። ኣብ ኢትዮጵያ እውን፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ድሬዳዋን ካልኦት ከተማታትን ዋህዮታት ተመስረታ። ኣብ 1961-1962 ገለ ዋህዮታት ሓራካ፡ ዝያዳ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ኣመሓደርቲ ዝነቅፍ ፖሎቲካ ሓዘል ጽሑፋት ኣዳልዮም ናብ ኣስመራ፡ ከረን መንደፈራ ከም ዝዝርጋሕ ገበሩ። እንተኾነ ገለ ካብ ፈጸምቱ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ስለዝኣተዉ እቲ ዕዮ ኣይቀጸለን። ብዘይካ'ዚ ዋህዮታት ሓራካ፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ናይ ኣጽዋር ዕዳጋ መዝሚዞም፡ ብረት ናብ ኤርትራ ክልእኩ ጀመሩ። እተን ብመንገዲ ከረን ኣብ መፋርቕ 1962 ናብ ኢድ ሰውራ ዝኣተዋ ኣጽዋር ካብ ኣባላት ሓራካ ናብ ተጋደልቲ ጀብሃ ዝበጽሓ ነበራ። ካልእ ተመሳሳሊ ፍጻመ እውን ነበረ። ኣደም መለኪን ብኣካል ናብ ኣዲስ ኣበባ ብረት ከምጽእ ብምኻድ፡ ንዮሴፍ ዓንዱን ንጉሰ ዓፋን ኣብርሃ ሓጎስን ድራጎን ሃይለመለኮትን ረኺቦም። ድሕሪ 10 መዓልታት ብረት ክሰድሉ ተሰማሚዑ ድማ ናብ ኣስመራ ተመልሰ። ንሱ፡ ኣብ ሳናዱቕ ዝተዓሸገ ሓያሎ ብረታት ከምዝተቐበለ፡ ብመኪና ሸኽ ማሕሙድ ዑመር ኢብራሂም ንከረን ወሲዱ ንዓሊ ከራር ከምዘረከቦ ይገልጽ። ድሕሪኡ ግን፡ ኣብ ኣስመራ ዋህዮታት ሓራካ ክቃልዓ ጀመራ። እቲ ምቅላዕ ናብ ኣዲስ ኣበባ'ውን ለሓመ። በዚ ድማ፡ ኣብርሃ ሓጎስ ዝመርሖም 13 ተቓለስቲን ካልኦትን ብእግርን መኪናን ብረቶም ሓቢኦም ብምጉዓዝ ኣስመራ ኣተዉ። ንሳቶም ነቲ ንጡፍ ኣባል ሓራካ ኣስመራ ካሕሳይ ባህልቢ (ወዲ ልቢ) ረኺቦም ብረታዊ ቃልሲ ክጅምሩ ከም ዝኾኑ ሓበሩዎ። ካሕሳይ “ባዕልኹም ክትብገሱ ጌጋ እዩ።

ክትዘራረቡ ኔርኩም እምበር ከምዚ ኣይከውንን'ዩ” ኢሉ ምስ ብጾቱ ተረዳዲኡ ኣብ ክንዲ ንኣዲስ ኣበባ ከሰላ ኸኣትዉ ሓንጂጸምሎም ተሰነይ ምስ በጽሑ 10 ካብኦም ብፖሊስ ተታሕዙ። መምህር ተኽለብርሃን ዘርአ መንግስቱ ባይሩን ብወገኖም ነቶም ካልኦት ጉጅለ ተቐቢሎም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣስመራ ሓብእዎም። ኣጋጣሚ ኣልኣዛር ቀለተ ብፖሊስ ተታሒዙ ስለ ዘምለጠ ህላውነቶም ኣብ ከተማ ፖሊስ ስለዝፈለጠ ሰብ ብረት ብዓርበረቡዕ ኣንቆልቁሎም ኣብ ከባቢ ድርፎን ርእሲ ዓድን ተሓብኡ። ክሳብ ማይ ውዑይን ዓድ ሹማን'ውን ተኸወሉ። ድሕሪ ወርሒ ኮለል ምባሎም ንካሕሳይ ባህልብን ኣደም መለኪንን ኣብ ከባቢ እምባ ደርሆ ረኺቦም ብረታዊ ቃልሲ ክጅምሩ ድልዋት ምህላዎም ገለጹሎም። ካሕሳይን ኣደምን ግን ኣይተቐብልዎን። ሰውራ ካብ ኣስመራ ክብገስ ከም ዘይክእል ሓቢሮም ብረቶም ኣረኪቦም ንሱዳን ክኸዱ ከምተወሰነ ገለጹሎም። እንተኾነ ነቲ ሓሳብ ገለ ካብኦም ነጺጎሞ። ብረቶም ሓቢኦም ድማ ንኣዲስ ኣበባ ተመልሱ። መብዛሕትኦም ግን ኣብቲ ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ በዓትታት ብመንገዲ መምህር ተኽለብርሃንን መንግስቱን ኮልኦትን መሻርፍ እናተላእከሎም ጸንሑ። ብኸምዚ እናቐጸሉ፡ ሓደ መዓልቲ ኽልተ ካብቶም ሰብ ብረት ኣልኣዛር ቀለተን ብጻዩን ባንን ሽጋራን ከምጽኡ በለዛ ኣትዮም ፖሊስ ብጥርጠራ ሒዞም ብኽቢድ ምስ መርመርዎም ኣመጻጽእኦም ሓበሩ። ኣሙቶም ክገብር ዝተላእከ ተስፋይ'ውን ተታሕዘ። ኣብርሃ ሓጎስ ኣብ በዓቲ ከሎ ኣብ ቀይዲ ኣተወ፡ መግብን ካልእ ነገራትን ዘቕርቡ ዝነብሩ መምህር ተኽለብርሃንን መንግስቱን ድማ ብምክትታል ፖሊስ ኣብ ግንዳዕ ተታሕዙ። ድሕሪ'ዞም ክልተ ሰባት መብዛሕትኡ ኣባል ሓራካ ኣብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ተቐበልትን ኣመሓላለፍትን ብረት ኮይኖም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ወዓሉ። እቲ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝተበገሰ ፈተነ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ከኣ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ሰነ 1962 ፈሺሉ ተሪፉ። ስርሒት ፈዳይን ኣቑርደት 12ሓምለ 1962 ኣብ ሰነ 1962 እንደራሴ ሃይለስላሴ

ጀነራል ኣብይ ኣበበ ኣብ ኣቑርደት ኣኼባ ክካየድ ምዃኑ ተጋደልቲ ሓበሬታ ረኸቡ። በዚ ድማ ስርሒት ንምፍጻም ወሰኑ።

ማሕሙድ መሓመድ ሳልሕ ውጥን ኣፈጻጽማ ናይታ ስርሒት ኣቕረበ። እቲ ግዜ፡ ክልተ ሰሙን ድሕሪ'ቲ ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ኣሰመራ ዘካየዶ ኣኼባ እዩ ነይሩ። ሰበስልጣን መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኣዋጅ ምጽንባር ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ባይታ ከጣጥሑ፡ ፖለቲካዊ ዘመተ ዘካይድሉ ዝነበረ እዋን። በዚ ድማ፡ ኣብ ኣቑርደት ብ12 ሓምለ 1962 ኣሽሓት ህዝብን ሰበስልጣንን ዝተረኽብሉ ኣኼባ፡ ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ ደጃዝማች ሓምድ ፈረጅ፡ ነቶም ናይ ክብሪ ኣጋይሽ ዝተቐረበ ህያባት ሴፋትን ኣግማልን ኣብ ዘበርክተሉ ዝነበረ ህሞት ክልተ ቦምባ ተደርበያ። ሓንቲ ዓኪሳ፡ እታ ካልኣይቲ ግን ተፈንጂራ። በዚ መጥቃዕቲ'ዚ፡ ፊተውራሪ ዑመር መሓመድ ሓሰኖ ናይ ሕግን ፍትሕን ሰክረተር፡ ሸኽ ሳልሕ ወዲ ሰይድና ሙስጠፋ፡ ወተሃደር ትርፈ ታየ ምስ ሓደ ራብዓይ ክሞቱ ከለዉ፡ ደጀዝማች ሓምድ ፈረጅ ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ፡ መልኣከ ሰላም ዲሚጥሮስ ምክትል ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ፡ ብላታ ቁሙላቸው ደጀነ ተሓጋጋዚ እንድራሴ፡ ተወልደብርሃን ገብረመድህን ዳይረክተር ምምሕዳር ሓፈሻዊ መራኸቢታት፡ በላይ ገብረዝጊ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት፡ ኣለማየሁ ኪዳኑ ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኣብ ቤት ጽሕፈት እንድራሴ፡ ኣጠይብ ዓብደላ ጸሓፊ ኣቦመንበር ባይቶ ኤርትራ ዝርከብዎ 31 ሰባት ቆሰሉ። ምስ ናይ ውሽጢ ስሩዓት ተሓባቢሮም፡ ነዚ ስርሒት'ዚ ዘካየዱ ተጋደልቲ ሓምድ ኣድም (ግንድፍል)፡ ስዒድ ሑሴን፡ ዓብደላ እድሪስ (ዲጎል) ክኾኑ ከለዉ፡ መሓመድ ዑመር ዓብደላ ኣቡጥይራ ዝርከቦም ተጋደልቲ ድማ ጉልባብ ንምግባር ኣብ ጫፍ'ታ ከተማ ይጽበዩ ነበሩ። ድሕሪ'ዚ ፍጻመ'ዚ፡ ኣብቲ ስርሒት ግደ ዘይነበሮም፡ መሓመድ ሓሰን ሓሰኖን ዓብደርሒም መሓመድ ሙሳን ዝበሃሉ ሰላማውያን ተኣሲሮም፡ ኣብ ልዕሊኦም ከቢድ መርመራ ተኻየደ። ኣብ መጨረሽታ ንሞት ተፈሪዶም ኣብ 1966 ኣብ ኣቑርደት ብማሕነቕቲ ተቐትሉ። ካልኦት ብዙሓት ጥርጡራት እውን ኣብ ኣቑርደት፡ ከረን፡ ተሰነይ፡ ናቕፋ፡ ባረንቱ፡ ኣስመራ ተኣስሩ። ዝበዝሑ ካብኣቶም፡ ንጡፋት ኣባላት ሓራካን ጀብሃን ዝነበሩ እዮም።

ኮሎኔል እርዳቸው በለጣ ኣብ ልዕሊ እሱራት ከቢድ መርመራ ኣካየደ። ኢትዮጵያ፡ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኤርትራ ውዱብ ሓይሊ ኣንጻራ ይቃለስ ከምዘሎ ከኣ ኣብዚ ግዜ ጭብጢ ረኸበት። ኑቑጣ ፖሊስ ሓልሓል 18 ሓምለ 1962 ድሕሪ ስርሒት ኣቑርደት ሓደ ሰሙን፡ ተጋዳላይ መሓመድ እድሪስ ሓጅ ብ17 ሓምለ 1962 ናብ ነቑጣ ፖሊስ ሓልሓል ብምኻድ፡ ካብ ሱዳን ዝመጸ ጋሻ ተመሲሉ ኣብታ ዓዲ ሰብ ክሕብርዎ እናሓተተ ንኣቃውማ እቲ መዓስከር ብደቒቕ ኣጽኒዑ፡ ናብ ብጾቱ ተመልሰ። ንጽባሒቱ 18 ሓምለ 1962 ካብ ደብረሳላ ዝተበገሱ ተጋደልቲ ሓልሓል ኣተዉ። ብቐጥታ ነቲ ዝተጸንዐ ነቑጣ ብምጥቃዕ፡ ንሓደ ፖሊስ ኣቑሲሎም ክልተ ብረት ሰለቡ። እዘን ክልተ ካብ ነቑጣ ፖሊስ ሓልሓል ዝተሰልባ ብረት፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ እተን ናይ መጀመርታ ብተጋደልቲ ዝተመንዝዓ ብረት ናይ ኢትዮጵያ እየን። ኣብዛ ስርሒት'ዚኣ ኩሎም እቶም ካብ ሰራዊት ሱዳን ኣቐዲሞም ዝተሰልፉ ተጋደልቲ ተሳቲፎም ነበሩ። ንጽባሒቱ ፖሊስ ኣሰር ተጋደልቲ ስዒቦም ክሳብ ሰበር በጽሑ። ብረቶም ከምልሱ ኮነ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ጉድኣት ከውርዱ ግን ኣይከኣሉን።